ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ንቤት ፅሕፈተ ማይን ኢነርጅን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ኣብ ዝተፈላለዩ ጣብያታት ንዝፅገኑ ናይ ማይ መዋህለሊ ኣብ ዝባን ገደና ንዝስራሕ በዓል 25000 ሊትሮ ዝሕዝ ሓዱሽ መዋህለሊ ገንኢ ንምስራሕ ስለዝደሊብናይ ማይ ስራሕቲ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩም ካብ ደረጃ 8ተን ልዕሊኡን ዝኮንኩም ብናይ ዋሽ በጀት ዝስራሕ ንዞም ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ ረቀሕታት እተማልኡ ኮንትራክተራት ክትወዳደሩ ይዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ መጋቢት 29, 2008 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 12, 2008 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:ታሕታይ ኣድያቦ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 12, 2008 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲ ማይ/

- ሙሉእ መረዳእታ ማለት ዉን ናይ 2007 ዓም ግብሪ ከፊልኩም 2008 ዓም ንግዲ ፍቃድ ዘሐደስኩምን
- ቲን ነምበር ዘለኩም
- ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩምን ናይ ወርሒ መጋቢት ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረዳእታ እተቅርቡ
- ካብ ቢሮ ማይን ሃፍቲ ናይ 2008 ዓም ዝተሓደሰ ብቅዓተ መረጋገፂ ወረቀት ዘቅርብን
- ዝተሓደሰ ብርኪ ትካል ከቅርብ ዝክእልን ካልኦት ኣድለይቲ ሰነዳት ብኮንትራክተራት ዝተመልአ ዋና ፋይናንሻል ሰነድን ዝሓዘ ሰነድን ከምኡዉንÂ ዋናን ቅዳሕን እዞም ሰነዳት ብፖስታ ተዓሺጉ ሽምን ማህተምን ፊርማን ተጌሩሉ ኣብ ናይ ባዕሉ ፖስታ ተዓሺጉ ክልቲዩ ድማ ኣብ ሓደ ዓብዩ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ልዕሊ እቲ ፖሰታ ናይ ተጫረቲ ማህተም ሽም ብምፅሓፍ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ከእትዉ ኣለዎም
- ተጫረቲ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ዝቀረበ ቅጥዕታት ብትክክል መሊኦም ኣብ ሕድሕድ እቲ ሰነድ ጨረታ ፈሪሞምን ማህተም ገይሮምን ቅደም ሰዓብ እቲ ሰነድ ከይጋደሉለ ከቅርቡ ይግባእ ዝተጋደለ ብትክክል ዘይተመልአን ብእርሳስ ዝተመልአን ቅደም ሰዓብ ዝተዛብዐን ሰነድ ጨረታ ካብቲ ጨረታ ወፃኢ ይከዉን
- ኣብ እዋን ጨረታ አድለይቲ ዝኮኑ ሰነዳት ከቅርብ ዝክእል
- ተጫረቲ ዘይምለስ 50 ቅርሺ ብምክፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ምምሕዳርÂ ንብረትን ክትወስደዱ ትክእሉ
- ተጫረቲ ጨረታ መክበሪ ቢድቦንድÂ ብጥረገንዘብ ወይድማ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ሲፒኦ 5,000 ቅርሺ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከትሕዙ ኣለዎም
- ተጫራታይ ሰዓሪ ተባሂሉ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲ ክኣስር ዝክእል ክከዉን ኣለዎ
- እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ ኣመራፂÂ እንተረኪቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ
- እቲ ጨረታ ካብ 27 መጋቢት 2008ዓም ክሳብ 12 ሚያዝያ 2008 ዓም ኣብ ኣየር ይፀንሕ
- እቲ ጨረታ 12 ሚያዝያ 2008 ዓም ሰዓት 4 ፡15 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4 ፡30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ Â ኣብ Â ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ይክፈት
- እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰል አለዎ

ንዝበለፀ ሓበሬታÂ ብቁፅሪ ስልኪ 0345500231 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle